# ዕላማ ባንዳን ደቂ ባንዳን

ባንዳ ዝብሃል ቃል ኣብ ኤርትራ ምስ መግዛእቲ ጥልያን ዝመጸ እዩ። እዚ ሕሱም ግዛኢ ኣብ ኤርትራ እግሩ ምስ ኣንበረ ንኣባሓጎታትና በስገዳድን ብቁጠባዊ ረብሓ ብምትላል ኣብ'ቲ ኣብ መንጎ ናይ ኤሮጳ ሃገራት ንኣፍሪቃ ንምግዛዛይ ዝግበር ዝነበረ ቅድድም ዕላምኦም ንምትግባር ኣብ ዕስክርና ይቖጽርዎም ነይሮም። ብሰንኪ'ዚ ድማ ህይወት ኤርትራውያን ኣብ ሊብያን ኢትዮጵያን ሶማልን ንኹንቱ ተረፉ። እዞም ንመግዛእቲ ጥልያን ዘገልግሉ ዝነበሩ ዓሳክር ድማ ባንዳ ተባሂሎም ይፍለጡ ነይሮም።

ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ'ውን ገለ ደቂ ሃገር ምስ ጸላኢ ዝወገኑ፣ ገለ ድማ ካብ ሰውራ ሃዲሞም ንጸላኢ ኢዶም ዝሃቡ ውሑዳት ዎዶ ገባ ወይ ድማ ከዳዓት ተባሂሎም ይፍለጡ ነይሮም። እዞም ሰባት ኣብ ግዜ ሰውራ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ቃልስን ዘውረድዎ በደል ቀሊል ኣይነበረን።

ከምቲ ኣቀዲሙ ዝተገልጸ ባንዳ ወይ ከዳዕ መሳርሒ መግዛእትን ጸላእን እዩ። ገለ ብረት ዝዓጠቀ፣ ገለ ድማ ኣብ ምምሕዳር ጸላኢ ኮይኑ ንህዝቡ ዘከላብት ገለ ድማ ፕሮፓጋንዳ መናፍሕ ጸላኢ ዝሃርምን እዩ።

ኣብ'ዚ እዋን ኤርትራ ሃገርና ዋላ'ኳ ነጻ ሃገር ትኹን እምበር፣ ኣብ 1998 ስርዓት ወያነ ብዶብ ኣሳቢቡ ዝወልዖ ኩናት ገና ልዑላዊ መሬትና ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ይርከብ ኣሎ። ስምምዕ ሰላም ተፈሪሙ እንዳሃለወ ካብ'ቲ ዘሰሓሕብ ብሕጊ ንኤርትራ ዝግባእ መሬት ጠቅሊሉ ኣብ ክንዲ ምውጻእ ክሳብ ሕጂ ሓደሽቲ ሰፈራታት ኣብ ሉዕላዊ መሬት ኤርትራ እንዳደኮነ ዓለም ለኻዊ ሕጊ ከይትግብር ዝከኣሎ ይጽዕር ኣሎ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ እዚ ጃንዳ ዕላምኡ ኣብዘን ነኣሽቱ መሬት ኤርትራ ጥራሕ ዘተኮረ ኣይኮነን። ህላውነት ኤርትራ ካብ ገጽ ካርታ ዓለም ንምጥፋእ ዝተፈላለየ ውዲታት ኣቀዲሙ ዝጀመሮ ክሳብ ሕጂ ይቕጽሎ ኣሎ። ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበረ ሓይሎም ስለዝተዳኸመ ሕጂ ኣብ'ቲ ብግስ ክብሉ ዝሓልምዎ ዝነበሩ ምምስራት ዓባይ ትግራይ እዮም ተዋፊሮም ዝርከቡ ዘለዉ። ትግራይ በቲ ፉሉጥ ዶባታ ንበይና ክትቅጽል ስለዘይትኽእል፣ እንተኾይንሎም ምልእቲ ኤርትራ ናብ ትግራይ ብምጽንባር ትግራይ ትግሪኚ ዝብል ዕላማ ምዕዋት እዩ። እንተዘይሰለጦም ድማ ብወገን ዓዲ ሙሩግ ሰንጢቆም ኣፍደገ ባሕሪ ንምርካብ ምስ ህዝቢ ዓፋር ዝገርዎ ዘለዉ ጽግዕግዕ ክእምተልና ይኽእል።

ስለ'ዚ ከም'ዚ ሕጂ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ መራኸብታት ዝስማዕ ዘሎ ጫውጫው

ቀዳማይ ብኣጋዝያን ዝፍለጡ ጉልባቦም ዝቀልዑ ቀንዲ ናይ ጃንዳ ወያነ መደባት ንምትግባር ተዓጢቆም ዘለዉ እዮም።

ካልኣይ ከም በዓል ኣማኒኤል እያሱ ሬድዮ ኣሰናን፣ ኣለም ብ/ጀነራል ጎይትኦም ወናኒ መስከረም ዶት ኮም(ኣብኡ ኣብ ግዜ ሃይለስላሴ ናይ ኤርትራ ፖሊስ ኣዛዚ ዝነበረ)፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሬድዮ ኤረናን ፈይስቡክን ዩቱብን ዝነጥፉ ብገንዘብ ዝተዓደጉ ባንዳን ደቂ ባንዳን ኣሰር ኣቦታቶም ተኸቲሎም ኣብ ጥፍኣት መኣዲ ናይ ወያነ ተሳቲፎም ዘለዉ እዮም።

ሳልሳይ ገዳይም ተጋደልቲ ኣብ ስደት በስቢሶም፣ ኮምፓሶም መኣዝኖም ጠፊእዎም ናይ ዓቕሊ ጽበት ስጉምቲ ዝወሰዱ ዘለዉ ከም መስፍን ሓጎስን ጴጥሮስ ተስፋገርጊስን ዝኣመሰሉ ኣብ ታንክታት ወያነ ተወጢሖም ኣስመራ ክኣትዉ ዝሓልሙ ዘለዉ እዮም።

ራብዓይ ብሉዑል ዝተባህለ ዝምርሑ ናይ ደምበ ጽንግሊልን ይኣክልን ጉቡኦም ከይገብሩ ሃገሮም ጠሊሞም ኣብ ስደት ብስም ኣውራጃን ሃይማኖትን ዝሸቕጡ ብስም ኮሮና ባይረስ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ስደተኛ ክንህብ ኢሎም ካብ ህዝቢ ዝተዋጽኤ ገንዘብ ምስ ወያነ ነዚ ገንዘብ ህዝቢ ዝተማቀሉን፣ መዳባት ወያነ ከተግብሩ ዝጽዕሩ ዘለዉ እዮም።

እዚኣም ኩሎም ኩሎም ጉጅለታትን ውልቀሰባትን ዘይተኣደነ ባጀት ካብ ወያነ ተመዲብሎም ሃገር ከዕንዉ ውልቃዊ ረብሓታቶም ከርውዩ ዝተበገሱ ሃሱሳት እዮም። ወያነ ናይ መወዳእታ ግብኣተ መሬቱ ኣብ ዝቃረበሉ ዘሎ ዝረኸብዎ ረብሓታት ከይተርፎም ብዕሊ ቀንዲ ጸላኢ ህዝቢ ኤርትራ ፕረሲደንት ኢሰያስ እዩ፣ ምስ ወያነ ብሓባር ንፕረሲደንት ኢሰያስን ህግደፍን ካብ ስልጣን ንምእላይ ንወያነ ነድሕና እንዳበሉ ጎስጓስ የካይዱ ኣለዉ።

ከም'ቲ ገዲም ሓርበኛ ንፍሲሄር ስነጥበበኛ ኣቶ ኣተወብርሃን ሰጊድ “ ዓሻ በጊዕ ምስ ቶኽላ ዕርክነት ሓቂ ሒዝካ እዩ ዝርከብ ነጻነት” ዝበሎ እዞም ባንዳታት ምስ ቶኽላ ወያነ ብሓባር ብምኻን ሃገር ክሸጡን ከጥፍኡን ሸበድበድ ይብሉ ኣለዉ። እዚ ድማ ነት ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ ዝገልጽ ዕላምኦም እዩ።

ወያነ ንመንግስቲ ኤርትራ ክስዕር ዘበት እዩ። ኣይኮነን ሎሚ ኣብ መቀለ ተዳጒኖም ትማሊ ኩለን ሓያላት ሃገራትን ሙሉእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ን ታንክታትን ሚሳይላትን ነፈርትን ኣኽቲቶም ንህዝቢ ኤርትራ ኣይሳዓሩን። እቶም ዓያሹ ወያነ ንመንግስቲ ኤርትራ ሲዒሩ ስልጣን ከረክቦም ዝምነዩ ሕልሚ ደርሆ ምኻኑ ይፍለጡ።

ታሪኽ መራሕቲ ትግራይ ንኤርትራውያን ሓዲሽ ኣይኮነን። ጥልመትን ክሕደትን ሱር መሰረቶም እዩ። ታሪኽ ራእሲ ወልደንኪኤል፣ ብ1984 ሓይሎም ምስ ኣደልደሉ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ዝገበርዎ ክሕደት፣ ብ1998 ብዶብ ኣሳቢቦም ኣስመራን ዓሰብን ንምሓዝ ዝገበርዎ ፈተነን ንኣሽሓት ኤርትራውያን ብግፍዒ ዝሰጎጉዎምን ናይ ቀረባ ተዘክሮና እዩ። ኣብተን ተቓወምቲ ውድባት ንወያነ ኣሚነን ኣብ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቀሳ ዝነበራ ውድባት ከምቲ ንሶም ዝደልይዎ ስለዘይከዳ ንሓደ ካብ ናይተን ተቓወምቲ ውድባት ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝፍለጥ መራሒ ዝነበረ ተ. ስዩም ዑቕባሚኪኤል(ሓረስታይ) ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቀቲሎሞ እዮም። ስለዚ ጥልመት መሪሕነት ተጋሩ መወዳእታ የብሉን።

እቲ ዝኸፍኤ ግን ናይ ሕጂ ምክትል ኣቦ ወንበር ናይ'ዚ ውድብ ብርሃነ ደበሱ ዝተባህለ ምስ ERISAT ዝተባህለ ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ ንመቅተልቲ መራሒኡ ብምርሳዕ ህውሓት ስትራተጂካዊ መሓዛና እዩ ክይሓፈረ ይዛረብ ኣሎ። ብርሃነ ደበሱ ኣብ 1981 ካብ ተ.ሓ.ኤ ሃዲሙ ናብ ስርዓት ደርጊ ኢዱ ዝሃበን፣ ክሳብ ቁሩብ ዓመታት ንደርግን ወያነን ከገልግል ዝጸንሐ ከዳዕ እዩ።

ህዝባዊ ግንባር ንህዝቢ ትግራይ ንምሕጋዝ ምስ ወያነ ክተሓጋገዝ እንከሎ ሓይሉ ኣሚኑ፣ ሚዛኑ ፈሊጡ እዩ ዝገብሮ ነይሩ። ሓንቲ መሰረት ዘይብልካ ከም ክንቲት ፊልፊል እንዳበልካ ምስ መሪሕነት ትግራይ ምልፋን ግን ንኤርትራ ኣሕሊፍካ ምሃብ እዩ።

መንእሰይ ወለዶ ናይ ጽባሕ ተሰካሚ ሕድሪ ኢኻ፣ ክብሪ መስዋእቲን ቃልስን ዓቅቦ ኢኻ። ታሪክኻ ብጉቡእ ፍለጥ፣ ብግዝያዊ ረብሓታት ኣይትተዓሸ፣ ብዘንጸባርቅ ዝመስሉ ዘረባታት ኣይትደናገር፣ ሓላፍነት ኤርትራ ንዓኻ ዝጽበ ዘሎ፣ ምስ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለዉ ኣሕዋትካ ሓቢርካ ስራሕ፣ ሃገርካ ህነጽ፣ ውዲት ከዳዓት ኣፍሽል፣ ኤርትራ ዓዲ ጀጋኑ እምበር ዓዲ ከዳዓት ኣይኮነትን ጽናዕ ንቃሕ ኣስተውዕል።ጌጋ ምስ ወዲ ሰብ መናብርቱ እዩ። ካብ ጌጋኻ ዘይምምሃር እቲ ዝዓበየ በደል እዩ፣ ካብ ጌጋኻ ተማሂርካ ኣብ ቁንዕ ዕላማ ምምጻእ ግን ደበስ ንህዝብኻ እዩ።መንግስትኻ ድማ ኩሉ ግዜ ኢዱ ዘርጊሑ መሰልካን ጉቡእካን ከተተግብር ባብ ከፊቱልካ ኣሎ። ሃየ ምስ ግዜ ተቀዳደም።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!

ዓወት ንሓፋሽ!

ግርማይ የማነ